UNHCR
United Nations High Commissioner for Refugees
Haut Commissariat des Nations Unies pour les réfugiés

# ንሰርዓት ዱብሊን ዝምልከት ሓበሬታ ንዓለምለኻዊ ሓለዋ ዝጠልቡ ኣመልከትቲ

## ሰርዓት ዱብሊን እንታይ እዩ?

ኣብ ኤውሮጳ፣ ንጕዳያት ሓተትቲ ዕቑባ ብዝምልከት ሃገራት ናይ ሓባር ሕጊታት ኣውጺአን እየን። ሰርዓት ዱብሊን ሓደ ኣካል ናይዚ አገባብ እዩ። ሰርዓት ዱብሊን ረቛሒታት መሰረት ብምግባር ካብተን ኣብ ኤወሮጳ ዝርከባ 32 ሃገራት ወይድማ 'ሃገራት ዱብሊን' ንናይ ዕቑባ ሕቶ ክትርኢ ዘለዋ ኣየነይቲ ሃገር ከምዝኾነት ዝውስን ሰርዓት እዩ (ረቛሒታት ኣብ ታሕቲ ረአ) ።

### 'ሃገራት ዱብሊን'

ኦስትሪያ፣ ቤልጄም፣ ቡልጋርያ፣ ክሮኤሽያ፣ ሳይፕረስ፣ ቼክ ሪፐብሊክ፣ ዴንማርክ፣ ኢስቶንያ፣ ፊንላንድ፣ ፈረንሳ፣ ጀርመን፣ ግሪኽ፣ ሃንጋሪ፣ ኣይስላንድ፣ ኣየርላንድ፣ ኢጣልያ፣ ላቲቫያ፣ ሊቸንስተይን፣ ሊቱዌንያ፣ ሉክሰምበርግ፣ ማልታ፣ ኔዘርላንድስ፣ ኖርወይ፣ ፖላንድ፣ ፖርቱጋል፣ ሮማንያ፣ ስሎቫክያ፣ ስሎቬንያ፣ ስፐይን፣ ስዊድን፣ ስዊዘርላንድ፡ ከምኡድማ ዓድ እንግሊዝ።

እዚ ማለት ድማ ብምኽንያት ፍሉይ ኩነታት ኣብቲ ዘለኻዮ/ኽዮ ሃገር ክትጸንሕ/ሒ ክፍቀደልካ/ኪ ይኽእል እዩ፣ ንኣብነት ኣብቲ ዘለኻዮ/ኽዮ ዓዲ ቤተሰብ እንተሃልዩካ/ኪ፣  ወይድማ ናብ ካልእ ሃገር ብውሑስን፣ ናጻን ስሩዕን መንገዲ ክትመሓላለፍ ትኽእል/ሊ፣ ንኣብነት ኣብኡ ቤተሰብ እንተሃልዩምኻ/ኺ።

ናብ ካልእ ሃገር እትመሓላለፊሉ/ፍሉ ምኽንያታት እንተሃልዩም፣ ሕቶኻ/ኺ ድማ በታ ሃገር ተቐባልነት እንተረኺቡ፣ ሽዑ ናይ ዕቑባ ሕቶኻ/ኺ ኣብኡ ይረኣይ። ዕድመኻ/ኺ ዝኣኸለ ሰብ እንተኾንካ/ኪ፣ ብመሰረት ምትእኽኻብ ስድራቤት ሰርዓት ዱብሊን ኣብ ካልእ ሃገር ዘሎ ቤተሰብካ/ኪ ክቐበለካ/ኪ ምዃኑ ብጽሑፍ እንተገሊጹ ጥራይ እዩ ምስቲ ቤተሰብካ/ኪ ክትተአኻኸብ/ቢ ትኽእል/ሊ።

# ናብ ካልእ ናይ ዳብሊን ሃገር ብሕጋዊ መንገዲ ንምኻድ እዞም ዝስዕቡ ክተማልእ/ኢ ኣለካ/ኪ።

- ቆልዓ ኮይንካ/ኪ (ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሜኻ/ኺ) ምስ ኣዴኻ/ኺ ወይ ኣቦኻ/ኺ ወይድማ ምስ ካልእ ዝናብየካ/ኪ እኹል ሰብ እንድሕር ዘይኮንካ/ኪ ግና ኣብቲ ካልእ ሃገር:
  - ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ሕጋዊ መንበሪ ፍቃድ ዘለዎ ኣቦ፣ ኣደ፣ ካልእ ዝናብይ ሰብ፣ ሓው፣ ሓፍቲ፣ እንተሃልዩካ/ኪ ወይድማ ክህለወኒ ይኽእል ዝብል እምነት እንተሃልዩካ/ኪ፡ ወይድማ
  - ኣብ ካልእ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ሕጋዊ ነባርነት ዘለዎ ክከናኸን ዝኽእል ኣኮ፡ ሓወቦ፡ ወይድማ ክትከናኸን እትኽእል ኣሞ፡ ሓትነ እንተሃልዮምኻ/ኺ፡

  ከምኡድማ

  - ናብኡ/ናብኣ ኣብቲ ዘለዉዎ ሃገር ክትጽምበሮም/ርዮም እትደሊ እንተኾንካ/ኪ።

- ዕድመኻ ዝኣኽለ ኮንካ/ኪ ኣብ ካልእ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ በዓልቲ ቤት/ባዓል ቤት፣ መጻምድቲ/ዲ፣ ቆልዓ (ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሜኡ) እንተሃልዩካ/ኪ። ናብኡ/ናብኣ ክትጽምበር እንተደሊኻ። ንሱ/ንሳ ኣብታ ሃገር ዕቑባ ዝሓተቱ እንተኾይኖም ወይድማ ንናይ ዕቑባ ሕቶኣ/ሕቶኡ ኣወንታዊ ምላሽ ዝረኸቡ እንተኾይኑ።

- ብ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ዝተውሃበካ/ኪ ቅቡል መንበሪ ሰነድ/ቪዛ ወይድማ ኣልግሎቱ ካብ ዘብቅዕ ትሕቲ ክልተ ዓመት ዝገበረ መንበሪ ሰነድ ወይድማ ኣገልግሎቱ ካብ ዘብቅዕ ትሕቲ ሽዱሽተ ወርሒ ዝገበረ ቪዛ እንተሃልዩካ/ኪ እሞ ካብ ዶብ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ዘይወጻእካ/ኪ እንተኾንካ/ኪ።

- ነፍሰጾር እንተኾንኪ፣ ናጽላ ህጻን እንተሃልዩኪ/ካ፣ ከቢድ ስንክልና እንተሃልዩካ/ኪ፣ ብኸቢድ ዝሓመምካ/ኪ ወይድማ ብዕድመ ዝደፋእካ/ኪ ሽማግለ እንተኾንካ/ኪ እሞ ኣብ ካልእ ናይ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ሕጋዊ ነባርነት ዘለዎ ወላዲ፣ ኣሕዋት ወይድማ ህጻን እንተሃልዩካ/ኪ። ናብኡ/ናብኣ ክትጽምበር እንተደሊኻ/ኺ። እቲ ሰብ ክሕግዘካ/ኪ ክእለት እንድሕር አለዎ።

- ኣብ ካልእ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ሕጋዊ ነባሪነት ዘለዎ ዕድሜኡ ዝኣኸለ ውላድ፣ ሓው ወይድማ ሓፍቲ፡ ነፍሰጾር ወላዲት፣ ናጽላ ቆልዓ፣ ከቢድ ስንክልና ዘለዎ/ዋ፣ ብኸቢድ ዝሓመመ/ት ወይድማ ብዕድመ ዝደፈአ ሽማግለ ሰብ እንተሃልዩካ/ኪ። ናብቲ ሰብ ክትጽምበር ትደሊ እንተኾንካ/ኪ። ነቲ ሰብ ንኽትሕግዝ ዓቕሚ እንተሃልዩካ/ኪ።

- ብሰብኣዊ ምኽንያታት ብፍላይ ባህልን፡ ስድራን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ካልእ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ናብ ዝርከብ ኣባል ስድራቤትካ/ኪ ክትጽምበር/ሪ እንተደሊኻ/ኺ። እታ ሃገር እቲኣ ክትቅበለካ/ኪ ፍቓደኛ እንተኾይና።

# ኣብ ሓደ ካብዞም ኩነታት ኣለኹ ዝብል እምነት እንተሃልዩካ/ኪ፤ ነእዞም ዝስዕቡ ስጉምቲታት ክትወስድ/ዲ ኣለካ/ኪ፤

- ኣብቲ ሕጇ እትርከበሉ/ብሉ ሃገር ናብ ዝርከቡ ሰበ ስልጣን ዕቑባ ክትሕትት/ቲ ኣለካ/ኪ።
- ኩነታትካ/ኪ ክትገልጽን ነቲ ሕቶኻ/ኺ ከደልድል ዝኽእል ብዛዕብኻን/ኽን ብዛዕባ ኣባላት ስድራቤትካን/ክን መረጋገጺ ክኾኑ ዝኽእሉ ኩሎም ኣገዳስቲ ሓበሬታታት፡ ሰነዳት ብቐልጡፍ ነቶም ሰበ ስልጣነ ከተረክብ/ቢ ኣለካ/ኪ (ስማት፣ ኣድራሻታት፣ ቁጽሪታት ተሌፎን፣ ናይ ዝምድናኻኺ መርትዖ፣ ናይ መንበሪ ፍቓድ፣ ወዘተ)።

# ኣብ ካልእ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ዕቑባ ሓቲትካ/ኪ ፤ ተሰጋጊርካ/ኪ ወይ ድማ ተቐሚጥካ/ኪ እንተኔርካ/ኪ:

ናብታ ሃገር ከም እትምለስ/ሲ ክግበር ይከኣል እዩ። እዚ ኸኣ:

- ናብቲ ሕጂ ዘለኻዮ ሃገር ቅድሚ ምእታውካ/ኪ ኣብ ካልእ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ዕቑባ ሓቲትካ/ኪ እንተኔርካ/ኪ፤ ወይድማ
- ናብ ኤውሮጳ ብኻልእ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ከምዝኣተኻ/ኺ ወይድማ እንተወሓደ ን 5 ኣዋርሕ ኣብ ካልእ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ከምዝነበርካ/ኪ ዝገልጽ መርትዖ (ከም ዓሸራ ኣጻብዕቲ) እንተሃልዩ፤

ከምኡድማ

- ናብ ካልእ ‘ናይ ዳብሊን ሃገር’ ንኽትሰጋገር/ሪ ንምሕታት ቅቡል ምኽንያት (ኣብ ላዕሊ ዘሎ ረቛሒ ረአ) እንተዘይሃልዩካ/ኪ።

## ናይ ዳብሊን ኣሰራርሓ

- ቆልዓ (ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሜኻ) እንተኾንካ/ኪ፤ እቶም ሰበስልጣን ዝሕግዘካ/ኪ ኣካል ክደልዩልካ/ኪ እዮም (ተወካሊ/መጉዚት/ናይ ሕጊ በዓልሞያ)።
- ናይ ኣጻብዕቲ ዓሸራ ክትህብ/ቢ ክትሕተት/ቲ ኢኻ/ኺ (ዕድመኻ/ኺ ልዕሊ 14 ዓመት እንተኾይኑ)።
- ናይ ኣስተርጓሚ ደገፍ ትደሊ እንተኾንካ/ኪ ኣስተርጓሚ ክምደበልካ/ኪ ክትሓትት/ቲ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።
- ደገፍ ንምርካብ ፤ ምስ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ትካል ስደተኛታት UNHCR ናይ ምርኻብ መሰል ኣሎካ/ኪ (ብኽብረትካ ናይ ኣድራሻ ዝርዝር ኣብ ዝባን ረአይ)።
- ኣብታ ዘለኻያኽያ/ዘለኽያ ሃገር ዝርከቡ ሰበስልጣን ቃለመጠይቐ ክገብሩልካ/ኪ እዮም፣ ሽዑ ኣገዳሲ ሓበሬታ ከምኡድማ/ ወይድማ ሰነዳት ከተቐርብ/ቢ ክትሕተት/ቲ ኢኻ/ኺ።
- ኣብ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ኩነታት ትርከብ/ቢ እንተኾንካ/ኪ፤ እቶም ኣብታ ዘለኻላ/ኽላ ሃገር ዝርከቡ ሰበስልጣን፡ ካብታ ሃገር ንኽትዘዋወር/ሪ ምኽንያት እንተሃልዩ፡ ናብቶም ናይታ ካልእ ሃገር ሰበስልጣን መልእኽቲ ክሰዱ ወይድማ ኣብቲ ዘለኻዮ ሃገር እቲ ዘእተኻዮ/ኽዮ ሕቶ ዖቑባ ክግምገም ክውስኑ ይኽእሉ እዮም።
- እታ ሕቶኻ/ኺ ዝተልኣኸላ ሃገር ዝሃበቶ ውሳነ ክንገረካ/ኪ እዩ።
- እቲ ናይ ምዝውዋር መስርሕ ካብቲ ዝተሐተተሉ ዕለት ክሳብ ስምምዕ ምስቲ ካልእ ዓዲ ዝወስዶ ግዜ ዝተፈላለየ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ካብ 1 ክሳዕ 11 ኣዋርሕ ይወስድ፡ እንተኾነ ካብኡ ንላዕሊ ዝወሰደሉ ግዜውን ኣሎ።

### ኣብዚ እዋን እዚ፣ እዞም ዝስዕቡ ናይ ምግባር መሰል ኣለካ/ኪ፤

- ኣብታ ዘለኻላ/ኽላ ሃገር ናይ ምጽናሕ መሰል።
- መንበሪ፣ መግቢ፣ መሰረታዊ ሕክምና፣ ህጹጽ ሕክምናዊ ረድኤት፣ ወዘተ ናይ ምርካብ መሰል።
- ዕድሜኻ/ኺ ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾይኑ፣ ትምህርቲኻ ናይ ምቕጻል መሰል ኣለካ/ኪ።

## ናይ ኣድራሻ ዝርዝራት

### ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ትካል ስደተኛታት ኣብ ፈረንሳ

**UNHCR Paris**
46/48 rue Lauriston
75116 Paris
FRANCE

Tél. + 33 (0)1 44 43 48 58
Email : frapa@unhcr.org

**UNHCR Calais**

Tél. +33 (0)6 03 46 48 03

### ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ትካል ስደተኛታት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ

**UNHCR London**
10 Furnival Street,
EC4A 1AB London
UNITED KINGDOM

Tel. +44 203 761 9500
Email: gbrlo@unhcr.org

UNHCR
United Nations High Commissioner for Refugees
Haut Commissariat des Nations Unies pour les réfugiés